# ገምጋም መጽሓፍ

# ኤርትራ፡ ካብ ፈደረሽን ናብ ጎበጣን ሰውራን

## *1956–1962*

### ብኣለምሰገድ ተስፋይ

- ዓይነት መጽሓፍ፤ ፖለቲካዊ ታሪኽ
- ገጻት፤ 743
- ኣሕታሚ፤ ኣሕተምቲ ሕድሪ፡ 2016

ገምጋም–መጽሓፍ፤ ሳላሓዲን ዓሊ

18/11/216

# ገምጋም መጽሓፍ፣ ኤርትራ፡ ካብ ፌደረሽን ናብ ጎበጣን ሰውራን 1956–1962

እዚ መጽሓፍ'ዚ፡ መቐጸላታን መዛዘምን ናይቲ ኻብ ምብቃዕ መግዛእቲ ኢጣልያ ኽሳዕ ምሉእ ጎበጣ ኤርትራ ብኢትዮጵያ (1941-1962) ዝነበረ ፖለቲካዊ-ታሪኽ ኤርትራ ማእከል መጽናዕቱ ዝገበረ ዓብይ ምርምራዊ መደብ እዩ። ስለዝኾነ ኸኣ፡ ንተራ ንባብ ይኹን ንዝያዳ ምርምርን ህየሳን ብምሕሳብ ኣብ እንነቕለሉ እዋን፡ ንሰለስተኦም ቅጽታት ማለት፡ ኣይንፈላለ (2001)፡ ፌደረሽን ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ካብ ማቴንሶ ክሳብ ተድላ (2006) ከምኡ'ውን እዚ ሕጂ ዝዝርጋሕ ዘሎ፡ ከም ሓደ ጥሙር ስራሕ ( ወይ trilogy) ብምርኣይ ጥራይ ኢና፡ ጸሓፊ ዝተኸተሎ መስመር ኣዘናትዋን ንዘቕረቦ ታሪኻዊ ምጉትን ብግቡእ ክንስዕብ እንኽእል። እዚ ሕጂ ዘቕርቦ ዘለኹ ኣዝዩ ሓጺር ገለጻ ከኣ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ብንኡስ ዓቕን ዘንጸባርቕ እኳ እንተ ኾነ፡ ስፍሓት ናይቲ ንልዕሊ 1,600 ገጻት ዝሸደ ተኻታትሊ ቕጽታት ኣብ ግምት ኣእተየ፡ ንገምጋማይ ኣብዚ ሎሚ ወግዒ-ሌላ ዝግበረሉ ዘሎ ሳልሳይ መጽሓፍ ጥራይ ሓጺረዮ ኣለኹ። ከምቲ ጸሓፊ ደጋጊሙ ዝጸወዖ ግን፡ እዚ ሰፊሕ ናይ ታሪኽ ስራሕ ንዝሰፍሐ ገምጋምን ህየሳን ይብድህ ኣሎ።

መጽሓፍ ኤርትራ፡ ካብ ፌደረሽን ናብ ጎበጣን ሰውራን ከም'ቶም ዝመርሑዎ ቕጽታታ፡ መጽሓፍ ፖለቲካዊ-ታሪኽ እዩ። ንፖለቲካዊ መስርሓትን ፍጻመታትን ናይቲ ማእከል መጽናዕቱ ዝገበሮ እዋን ከኣ፡ ብሰፊሕ ይትርኽን ይትንትኖን።

በዞም ክብ ኢለ ዝጠቐስኩዎም ክልተ ነጥብታት እናተመራሕኩ'ምበኣር፡ ኣብዚ ገምጋም'ዚ፡ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክምልስ ክፍትን እየ፤

1. ታሪኻዊ ምጉት (historical argument) ናይዞም ሰለስተ ቕጽታት እንታይ እዩ፧

2.ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ዘሎ መልክዕ ኣጸሓሕፋ፡ ኣወዳድባን መረጻን ኣርእስታትን ክሳብ ክንደይ ንትሕዝቶ እቲ ምርምር ኣብ ምትሕልላፍ ተዓዊቱ፧

3.ጸሓፊ ዝተጠቐመሎም ምንጭታትን ኣጠቓቕመኦምን ከመይ እዮም፧

እቲ ኣውራ ዕላማ ኸኣ ነዞም ሕቶታት ብምልኣት ንምምላስ ዘይኰነ፡ ኣብኣታቶም ዘለዉ ንኣሽቱ ርእይቶታት ብምሃብ፡ ንዝያዳ ገምጋምን ህየሳን ምድራኽ እዩ።

## 1.ታሪኻዊ ምጉት

ካብ ዝገፍሐ ናብ ዝጸበበ ምእንቲ ክኸይድ፡ ብጠማሪ ታሪኻዊ ምጉት ናይ ሰለስተኡ ቕጽታት ክጅምር ዝሓሸ እመስለኒ።

ዘበናዊ ስእለ-ታሪኽ (historiography) ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ታሪኽ ኤርትራ ኣብ እዋን ምምሕዳር እንግሊዝን ፌደረሽንን ድማ ብፍላይ፡ ተቓራኒ ርእይቶታት ብዘለዎም ጸሓፍቲን ጽሑፋትን ዝተመልአን ኣሻማውን ዓውደ-ፍልጠት ኰይኑ እዩ ጸኒሑ። ነቲ እዋን ኣመልኪቶም ዝተገብሩ ዝበዝሑ መጽናዕትታት፡ በብናይ ግሎም ፖለቲካዊ ቅድመ-ፍርዲ ዝተጸልዉ እዮም። ብጸሓፍቲ ዝቐርቡ ምጉታት ካብ-ናብ ፍልልይ ዘይሰኣኖም እኳ እንተ ኾኑ፡ ብቐንጹ ግን፡ ነቲ ዓብላሊ ናይ ኢትዮጵያ መስመር-ታሪኽ ዝኽተል ወገንን ንኤርትራዊ ሃገራውነት ማእከል ገይሩ ዝጽሓፍ ሸነኽን ኢልካ ንምኽፋሎም ዝከኣል 'መስለኒ።

እቶም ኣብ ለኸ ኢትዮጵያዊ መስመር-ታሪኽ ቈይሞም ዝጣበቑ፡ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኸም ኣካል ናይቲ ኣብ ትሕቲ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ዝኣተዋ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝማዕበለኦ ናይ ጸረ-መግዛእቲ ሃገራውነት ዘይኰነ፡ ድሒሩ ዝተላዕለን ከም ውጽኢት ናይቲ ኣብ ድሕረ-መግዛእታዊ ኣፍሪቃዊ መንግስትነት (post-colonial African states)፡ ንኢትዮጵያ ሓዊስካ፡ ዝተኸስተ ብዙሕ ዝኾርንዑ ቅልውላዋትን ገይሮም ይርድኡዎ።

ጸሓፊ (ኣለምሰገድ ተስፋይ)፡ ነቲ ኢትዮጵያዊ መስመር-ታሪኽ ዝኽተል ኣተሓሳስባ፡ ዝተፈላለየ መርትዖታት ታሪኽ ብምቕራብ ኣብ ሰለስተኡ ቕጽታት ነጺጉዎ እዩ። ኣለምሰገድ ኣብዘን ቅጽታት ዘሰጐሞ ታሪኻዊ ምጉት ድማ፡ ኤርትራውያን ካብ 1940ታት ኣትሒዞም ዘካየዱዎ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ መርኣያ ናይቲ ኣብ ግዜ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ተወሊዱ እናደንፍዐ ዝመጽአ ሃገራዊ ስምዒት ምዃኑ፡ ከም ውጽኢቱ ኸኣ፡ ኣብ መጠረሽታኡ ናብ ደረጃ ብረታዊ ቓልሲን ሃገራዊ ናጽነትን ከም ዝበጽሐ እዩ።

ጸሓፊ ኣብ ስርሓቱ፡ ነቲ ናይ ኢትዮጵያ መስመር-ታሪኽ ጥራይ ዘይኰነ ነጺጉ፡ ነቲ ብውድባት ሰውራ ኤርትራን ብኻልኦት ንጉዳይ ኤርትራ ንምስጓም ዝጸሓፉን ዝቐረበን፡ ኤርትራዊ ተመራማሪ ታሪኽ ባይሩ ታፍላ ኣብ ሓደ ጽሑፉ ናይ ሓርነት ታሪኽ (liberation history) ኢሉ ዝሰመዮን፤ ታሪኽ ኤርትራውያን ካብ ቅድሚ መግዛእቲ ኣትሒዙ ትኽ ብዝበለ መስመር ከይተበትከ ኸም ዝተጓዕዘ ዝገልጽ ዝበዝሐ እዋን 'ተኸላኻሊ' (defensive) ጠባይ ንዘለዎ ኣቀራርባ'ውን በዲሁዎ እዩ።

ጸሓፊ፡ ነዚ ንምብራህ ኣብ መእተዊ ናይዚ ሕጂ ሌላ ዝግበረሉ ዘሎ መጽሓፍ ዝበሎ ኣገዳሲ ነጥቢ ምጥቃስ ይከኣል፡

> ታሪኽ ኤርትራ. . . በቲ ኣንጻሩ ዝተባህለ ነጻጊ ኣንፈት ክምራሕ የብሉን። ምስ ኢትዮጵያ ይኹን ምስ ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራት ዘዛምዶ ናይ ታሪኽ ሓቅታትን ፍጻመታትን ካብ ነፍሱ ኣብ ምግላል ወይ ኣብ ምርሓቕ እውን ግዜን ጉልበትን ከጥፍእ ኣየድልዮን'ዩ። ኣብ ታሪኽ ምስ ዝኾነት ሃገር ስለ ዝተዛመደ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ዝማዕበለ ኤርትራዊ ሃገራውነት ዝንከየሉ ወይ ዘፍክሶ ጉዳይ ወይ ክውንነት የለን. . . .

ጸሓፊ ኻብዚ ኣረዳድኣ'ዚ ብምንቃል፡ ኣብ ሰለስተኡ ቕጽታት፡ ንፖለቲካዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኸይኰሓሓለ (romanticize ከይገብረ)፡ እቲ ፖለቲካዊ መስርሕን መካይድቱ ዝነበረ ዕብየት ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒትን፣ ናይ ተቓውሞን

ምትሕብባርን ፣ ናይ ገስጋስን ድሕሪት ምምላስን፣ ናይ ብዙሕ ዝኣንፋ ውሽጣዊ ፍሕፍሐን... መስርሕ ጽማረ (synthesis) ምንባሩ እዩ ኣርእዩ። ስለዚ፡ ሓድሽ ሃገራዊ ዘበናዊ ታሪኽ ኤርትራ ንምጽሓፍ ብምንቃሉ፡ "ሳልሳይ መንገዲ ዘርኣየ ፈላማይ ስራሕ እዩ፡" ናብ ዝብል መደምደምታ ኸወስደኒ ኸኢሉ እዩ። ኣብዚ ዕዮታት'ዚ ኣተኲሮም ዝግበሩ ገምጋማት ከኣ፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ነቲ ጸኒሕ ስእለ-ታሪኽ ምስዚ ሓድሽ ኣተሓሕዛ ታሪኽ'ዚ እናኣዛመዱ ኸርእዩዎ ተመራጺ እዩ።

## 2.መልክዕ ኣጽሓሕፋ፡ ኣወዳድባን መረጻ ኣርእስቲን

ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ንሓድሕዶም ዝተኣሳሰሩ፡ ፍረ ታሪኻዊ ምርምር ኣብ ምትሕልላፍ ዓብይ ግደ ዘለዎም ሰለስተ ዛዕባታት ከልዕል፤

### 2.1. ኣወዳድባ መጽሓፍ

መጽሓፍ ኤርትራ፡ ካብ ፌደረሽን ናብ ጎበጣን ስውራን ሳልሳይን መወዳእታን መጽሓፍ ናይ ሰለስተ ተኸታተልቲ ቕጽታት ኲይኑ፡ ናብ ምፍራስ ፌደረሽን ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝደፍአ ኸምኡ'ውን ናብ ምጅማር ሰውራ ኤርትራ ንዘምርሐ፡ ንሓድሕዱ ዝተኣሳሰር ክልተ ፖለቲካዊ መስርሓት ዘዘንቱ ጽሑፍ እዩ። ካብ ትሕዝቶ መጽሓፍ ብቐሊሉ ኽልለ ኽም ዝከኣል፡ ጸሓፊ ኣብዚ ቕጺ'ዚ ኽልተ መሰረታውያን ሕቶታት እዩ ኸምልስ ዝፍትን፤

ሀ. ናብ ምፍራስ ፌደረሽንን ጎበጣ ኤርትራ ብኢትዮጵያን ዝወሰደ መስርሕ ከመይ ነበረ፧ ተሳተፍቲ ዝነበሩ ፖለቲካዊ ተዋሳእቲ መነመን ነበሩ፧ ብኸመይከ ፈጸሙዎ፧

ለ. ናይ ጎበጣ መስርሕ እናኸደ እንከሎ፡ ኣንጻሩ ዝቐንዐ ተቓውሞ ኸመይ ይመስል ነበረ፧ ብኸመይከ ይግለጽ፧ እቲ ተቓውሞታት'ቲኸ እናደንፍዐ ምስ ዝኸደ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ብኸመይ ይተኣሳሰር፧

መልሲ ናይዘን ሕቶታት፡ ኣብ ሰለስተ ክፋላትን ዕስራን ሽዱሽተን ምዕራፋትን ተዋሂቡ ኣሎ። ኣቐዲመን ንማሕተም ምስ ዝበቕዓ ክልተ ቅጽታት ተደሚሩ፡ ነቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ናይ ጸሓፊ ታሪኻዊ ምኑት ኣብ ምስንም ተራ ተጻዊቱ እዩ። ኣብ ቀዳማይ ክፋል (9 ምዕራፋት ምኻኑ እዩ)፡ ነቲ ድሒሩ ዝመጸ መስርሕ ጎበጣ ዝጸለዉ ብዙሓት ፍጻመታት ተጠቒሶም ኣለዉ። ብፍላይ ኣብ ሳልሳይ ምዕራፍ፡ ሓደ ኻብቲ ንተቓውሞ ዘዳኸመ ረቛሒ ተባሂሉ ዝተጠቕሰን ዓብይ ፖለቲካዊ ሳዕብየን ዘኸተለን፡ ዘይከምቲ ኣብ 1940ታት ዝነበረ ህዝባዊ ተሳትፎ፡ ኣብ ቀዳማይ መፋርቕ ናይ 1950ታት ዝተራእየ ምግላል ሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራ ኻብ ሃገራዊ ፖለቲካ፡ ብሰፊሕ ተተንቲኑ ኣሎ። እዚ ፖለቲካዊ ምግላል ናይ ህዝቢ'ዚ፡ ንፖለቲካ ፌደረሽን በብቑሩብ ናብ ናይ ተሓባበርቲ-ኣርካናት ፖለቲካ (collaborationist elites) ብምቕያር፡ ንጎበጣ ኣበርክቶ ምግባሩ ድማ ኣብ ዝሰዓቡ ክፋላት በሪሁ ኣሎ።

ካልኣይ ክፋል ናይዚ ቅጺ ትሽዓተ ምዕራፋት ኣለዎ። ሸውዓተ ምዕራፋት ካብዚ፡ ዳግማይ ፈኸም ክብል ብዛዕባ ዝጀመረ ህዝባዊ ተቓውሞን መርኣያታቱን የዘንትዉ። እዚ ብዕምቆት ዝተዳህሰሰ ተግባራት ተቓውሞ፤ ኣብ ዕላምኡን መንፈሱን ምስቲ ናብ ምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ዝወሰደ መስርሕ ዘይብተኸ ቀጻልነት (continuity) ከምዝነበሮ፡ እዚ መጽናዕቲ ኣረጋጊጽዎ ኣሎ።

ሳልሳይ ክፋል ክልተ ዓበይቲ ዛዕባታት እዩ ዘልዕል። እቲ ሓደ ንኣመሳራርታን ቀዳሞት ዓመታትን ሓርነታውያን ውድባት፡ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ዝገልጽ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ ንናይ መወዳእታ ስጉምታት ምፍራስ ፌደረሽንን ጎበጣን የዘንቱ። ኣብቲ ንምምስራትን ፈላሚ ዝምድናታትን ሓራካን ተ.ሓ.ኤን ዝምልከት ምዕራፋት፡ ኣብ ሓያሎ ኻልኦት ጽሑፋት ንዘሎ ድብልቕልቕ ስርዓት ኣብ ምትሓዝን ንዝዓሞቐ ምርምር መንገዲ ኣብ ምጽራግን ብዙሕ ተጓዒዙ ኣሎ።

ምምሕያሽ እተድልያ ኾይና ዝተሰማዓትኒ ሓንቲ ነጥቢ ኸጠቅስ። ምዕራፍ 11 ዝተፈላለየ ርእይቶ ዘለዎም ጸሓፍቲ እናልዓለ፡ ንኣመዓባብላ ሃገራውነት ኣብ ኤርትራን ዓለምን ዝርኢ ትንተናዊ ምዕራፍ ክንሱ፡ "ኣመትቲ ጉዳያትን ምዕባለታትን ኣብ መፋርቕ 1950ታት" ዝብል ኣርእስቲ ተዋሂብዎስ፡ ትሕዝቶኡን ኣርእስቱን ዝገጠመ ኰይኑ ኣይረኸብኩዎን። ኣብ ዳግማይ ሕታም ምስ ትሕዝቶ ብዝሰማማዕ ኣርእስቲ እንተ ዝትካእ ዝሓሸ ምኾነ እብል።

## 2.2. መረጻ ኣርእስቲ

ታሪኽ ብኣዝዮም ብዙሓት ፍጻመታት ዝሃብተመን ንሓድሕዶም ብዝተጠናነጉ ጉዳያት ዝተመርጐን ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሓደ ታሪኻዊ ጽሑፍ ዝካተቱ ኣርእስታት ምምራጽ ከቢድ እዩ። ስለዝኾነ፡ ወላ'ውን እቲ ውሑድ ገደብ ግዜ ኣቕሚጡ ታሪኽ ክጽሕፍ ዝተበገሰ ጸሓፊ ታሪኽ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ንዘጋጠመ ኾሉ ኽስንድ ኣይክእልን፣ ኣየድልዮን እውን። ንጸሓፊ ዘገድሱዎ፡ እቶም ንሕቶታቱ ዝምልሱ ኣገደስቲ፡ ተዛመድቲ ፍጻመታትን ምትእስሳሮምን እዮም።

እቲ ብድሆ ነቶም 'ኣገደስትን ተዛመድትን' ፍጻመታት ምልላይ እዩ፣ "ነዚ ምረጽ፣ ነዚ ግደፍ፡" ዝብል ውጹእ ሕጊ'ውን የለን። መረጻ፡ መጠረሽታኡ ንኽእለተ-ውሳነ ውልቀ-ጸሓፊ እዩ ዝግደፍ። ጸሓፍቲ ኣብቲ ዝጽሕፉዎ ዘለዉ ዓይነት ታሪኽ ብምምርኳስ 'ኣገደስትን ተዛመድትን' ፍጻመታት ኣብ ጽሑፋቶም የካትቱ። እዚ ምርጫ ድማ ንህየሳን ክትዕን ክፉት ኰይኑ ይቕጽል። ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ፡ መጽሓፍ ኤርትራ፡ ካብ ፌደረሽን ናብ ጎበጣን ሰውራን መጽሓፍ ፖለቲካዊ-ታሪኽ እዩ። ብሓፈሻ ኣብዘን ዕስራን ሽድሽተን ምዕራፋት፡ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ ናይ 1950ታትን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት 1960ታትን ዝነበረ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ብጸንቃቕን ሰፊሕን (exhaustive and comprehensive) ኣገባብ ተዳህሲሱ ኣሎ፡ ዝብል መደምደምታ ኽወሃቦ ይከኣል እዩ።

ዘይከም ኣብተን ቀዳሞት ክልተ ቕጽታት ግና፡ ንፖለቲካዊ-ቍጠባ ናይቲ እዋን'ቲ ዝጽብጽብን ዝተንትንን ርእሱ ዝኸኣለ ምዕራፍ ኣይጸንበረን። ክህሉ ነይሩዎ ዝብል

ርእይቶ ኸኣ ኣለኒ። ጸሓፊ ኣብ ምዕራፍ 15 ገጽ 276 ገሊጹዎ'ውን ከም ዘሎ፡ ህዝባዊ ተቓውሞ ብኡ ኣቢሉ ድማ ምድንፋዕ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ምስቲ እዋናዊ ቍጠባዊ ኾነታት ብቐጥታ ይዛመድ ነይሩ እዩ። እዚ ኣብ ታሪኽ ምዕባለ ሃገራዊ መንነት ልሙድ ተርእዮ እዩ። ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ረቛሕቲ ንምውላድ ኤርትራዊ ሃገራውነት፡ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝተኸሎ ዘበናዊ ስርዓተ-ቍጠባ ምዃኑ ዝከሓድ ኣይኮነን። እዚ ማለት ግን፡ ኣብዚ መጽሓፍ ንቍጠባዊ ኾነታት ናይቲ እዋን ጥራሽ ኣይተጸሓፈሉን ማለት ኣይኮነን። ጸሓፊ፡ ኣብ ገለ ምዕራፋት ንቍጠባዊ ታሪኽ ናይቲ እዋን፡ ኣብ ትሕቲ ኻልእ ኣርእስቲ ንእገረ-መንገዱ ጠቒሱ ሓሊፉዎ ኣሎ። ንኣብነት፡ ኣብ ምዕራፋት 15ን 16ን፡ እቲ እናኣንቈልቈለ ዝኸይድ ዝነበረ ቍጠባዊ ኾነታት ምስ ኣድማታት ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ተኣሳሲሩ ተገሊጹ ኣሎ። ብፍሉይ ድማ፡ ኣብቲ ንኣህጉራዊ ተነጽሎ ኤርትራ ዝትንትን ዓስራይ ምዕራፍ፡ ንተራ ኢጣልያ ኣብ ዝርኢ ንኡስ ኣርእስቲ፡ ምስ ወፍርን ንግድን ዝተኣሳሰር ዝርዝራዊ ሓበሬታ ሰፊሩ ይርከብ። ጸሓፊ ንጭብጥታቱ ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ኣቐዲሙ ምስ ዝጸሓፈን ናብ ዝተፈልየ መደምደምታ ዝበጽሐን ተኸስተ ነጋሽ እናኣነጻጸረ ዘቕረቦ ምጒት ከኣ፡ ኣብ ቍጠባዊ ታሪኽ ናይቲ ግዜ'ቲ ንዘሎ ዕቑር ናይ መጽናዕቲ ተኽእሎ ኣሚቱ ጥራይ ዘይኮነ፡ እዚ ኣርእስቲ'ዚ ምስ ኣወላልዳን ዕብየትን ኤርትራዊ ሃገራውነት ኣመልኪቱ ይኸይድ ምስ ዘሎ ኣካዳምያዊ ኸትዕ፡ ቀጥታዊ ዝምድና ከም ዘለዎ ዝያዳ ኣብሪሁ ኣሎ። ተስፋ እገብር ኣብቲ ዳግማይ ሕታም፡ ንቍጠባዊ ታሪኽ ምስዚ ዝተጠቕሰ ነጥቢ ተዛማድነቱ ኣብ ግምት ብዘእተወ መንገዲ፡ ኣብ ናይ ገዛእ-ርእሱ ምዕራፍን ብሰፊሕ ኣገባብን ተጻሒፉ ኽንረኽቦ።

## 2.3. ቅዲ (form) ኣጸሓሕፋ

ምርምር ታሪኽ ኣብ ምእካብ ምንጭታትን ምምስራሑምን ጥራይ ኣይሕጸርን እዩ። ነቲ ውጽኢት ምርምር ሰባት ምእንቲ ኸንብቡዎን ክሰምዑዎን ብዝግባእ ክሓልፍ ይግባእ። ኣብ ጽሒፈት ታሪኽ ስለስተ መልክዓት ወይ ቅድታት ኣጸሓሕፋ ኣለዉ፤ ገለጻዊ፡ ትንተናዊ ከምኡ ድማ ኣዘንታዊ ወይ ተራኺ። ጸሓፍቲ ታሪኽ ንውሓት

ስርሓቶም ብዘየገድስ ንስለስተኦም ቅድታት ኣብ ሓደ ስራሕ ብሓባር ዝጥቀምሎም እኳ እንተ ኾኑ፡ እቲ ዓብላሊ ኾይኑ ዝወጸ ቅዲ ንምልላይ ግን ኣየሸግርን። ኣለምሰገድ ኣብ ሰለስተኣን ስርሓቱ ዝተኸተሎ ዓብላሊ መልክዕ ኣጸሓሕፋ ኣዘንታዊ ምዃኑ ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ኣብ ጽሑፋት ፖለቲካዊ-ታሪኽ ዝተለምደ ቅዲ'ዚ፡ ሓያለ ረብሓታት ኣለዎ። ሓደ፡ እቲ ጽሑፍ ብቕደም-ተኸተል ዝመጹ ፍጻመታት ታሪኽ እናኣርኣየ ኣብ ኣንባቢ ተገንዝቦ ናይቲ ምስ ግዜ ዝኸሰት ለውጢ የሕድር። ካልኣይ፡ ሕሉፍ ርቀት (abstraction) ናይ ሓሳባት ስለ ዘይህሉዎ፡ ካብ ኣብ ኣካድምያዊ ዓንኬላት ወጻኢ ሰፊሕ ተነባብነት ክህሉዎ ይኽእል። ከምዚ ዝበለ ረብሓታት ይሃሉዎ እምበር፡ ብብዙሓት ናይ ታሪኽ ክኢላታትን ንስነ-ታሪኽ ካብ መሰረቱ ብዝበድህ ናይ ድሕረ-ዘበናውነት (post-modernism) ጸሓፍቲን ከም ዝንቀፍ ምዝካር ኣድላዪ እዩ።

እዚ መጽሓፍ'ዚ፡ ብዓብላሊ ተራኺ መልክዑ ይገለጽ ደኣ'ምበር፡ ኣብ መላእ እቲ ጽሑፍ፡ ናይ ጸሓፊ ኣተረጓጉማን ውልቃዊ ርእይቶን ዝሓዙ ትንተናዊ ሕጥበ-ጽሑፋት ብብዝሒ ይርከቡ እዮም። ብዘይካ'ዚ ኻብ ኣፋዊን ጽሑፋውን ምንጭታት ብቐጥታ ተወሲዱ ብሰፊሕ ዝጽሓፍ ጥቕስታት፡ ኣንባቢ ብዛዕባ እቲ እዋን ኣዝዩ ድሙቕ ዝኾነ ስእሊ ኽህሉዎ ዘኽኣለ ቕዲ ኾይኑ፡ ነቲ ጽሑፍ ዝያዳ ተነባቢ ገይሩዎ ኣሎ።

## 3.ኣጠቓቕማ ምንጭታት

ጸሓፊ ነዚ ስራሕ ንምድላው ንሰነዳት መንግስታት ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ካልኦት መንግስታትን፣ ሰነዳት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት፣ ሰነዳት ባይቶ ኤርትራ፣ ናይ ግሊ ማህደራትን ጋዜጣታትን ኣብ ርእሲ ምፍታሽ፡ ንልዕሊ ሱሳ ቃለመጠይቓት ከም ቀጥታዊ ምንጪ (primary source)፡ ብዙሓት መጽሓፍቲ ድማ ከም ካልኣይ ምንጪ (secondary source) ተጠቒሙ ኣሎ። ትንተና ምንጪ ሰፊሕ ኣርእስቲ ስለ ዝኾነ ንኻልእ ሰፊሕ ገምጋም ገዲፈ፡ እዚ መጽሓፍ ብግቡእ ንዝተጠቕመሉ

ኣፋዊ ምንጪን ብመንገዲ እዚ ኣገባብ'ዚ ንታሪኽ እቲ እዋን ተደሚሩዎ ዘሎ መበቈላዊ ኣበርክቶን ክጠቅስ።

ኣፋዊ ምንጪ ንገለ ሕቶታት ናይዚ ምርምር'ዚ ብቕኑዕ ኣብ ምምላስን ኣብ ስእለ-ታሪኽ ናይቲ እዋን ተፈጢሩ ንዝጸንሐ ኽፍተት ኣብ ምዕጻውን ዓብይ ኣበርክቶ ገይሩ ኣሎ። ከምቲ ኣቐድም ኣቢለ ዝገለጽኩዎ ሓደ ኻብ ክልተ ዓበይቲ ዕላማታት ናይዚ ምርምራዊ ስራሕ'ዚ፡ ንብረታዊ ቓልሲን ሃገራዊ ናጽነትን ዝፈረየ መስርሕ ፖለቲካዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምትራኽ እዩ ነይሩ። መፋርቕ 1950ታት፡ ፖለቲካዊ ዓፈናን ምልክን ከምኡ ድማ ፖሊሳዊ ቑጽጽር ዝነገሰሉ ዓመታት ምንባሩ ይዝከር። እዚ ኹነታት'ዚ፡ ኣንጻር እቲ ናይ ሽዑ ኩነታ (status qua) ብወግዓዊ ኣገባብ ተቓውሞን ኣማራጺ ሓሳብን ክቐርበሉ ንዘኽእል ዅሉ ዓይነት መድርኻት ዓጽዩዎ እዩ። እዚ ድማ ብግደኡ ልኡምነት ኣብ ገለ ድማ ንጡፍ ተሓባብርነት ናይቲ ፖለቲካዊ ኣርካን (political elite) ንፍጹም ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ኣድሚቑን ኣወዓዊዑን፤ ነቲ ኣብ ህዝቢ ኻብ ዕለት ናብ ዕለት ዝዓብይ ዝነበረ ጽልእን ተቓውሞን ከም ዝጽቀትን ናብ ቅርዓት ከም ዘይወጽእን ገይሩዎ እዩ። ብመንገዲ ወግዓዊ መሓውራት ዝእንገዱ ዝነበሩ ድምጽታት ተቓውሞ (እሞ ድማ ብጽሑፍ ናይ ምስናድ ዕድል
ዝረኸቡ)፡ ኣብ ዙርያ ንእስ ዝበሉ ጉዳይት'ምበር ኣንጻር'ቲ ንኣካውና ውሽጣዊ ናጽነት ኤርትራ ዘፍርስ ዝነበረ ስርዓት መሰረታዊ ብድሆ ዘቕርቡ ኣይነበሩን።

በዚ እምበኣር ንሓደ ወግዕዊ ሰነዳት ናይቲ እዋን ጥራይ ዝውክስ ጸሓፊ ታሪኽ ኣጋጋዪ ስእሊ ብምሃብ፡ "ዝጥቀስ ህዝባዊ ናይ ተቓውሞ ስምዒትን እናደንፍዐ ዝኸይድ ኤርትራዊ ሃገርዊ መንነትን ኣይነበረን፡" ናብ ዝብል መደምደምታ ኽብጽሖ ይኽእል እዩ። ተመራማሪ ተኽስተ ነጋሽ ንዝጸሓፎ Eritrea and Ethiopia: the Federal Experience ዝብል መጽሓፍ ከም ኣብነት እንተ ወሲድና፡ ንወግዕዊ ሰነዳት ተመርኲሱን ኣብ ተግባራት ፖለቲካዊ መራሕቲ ጥራይ ኣተኲሩን ኣብ ዝሰርሖ ምጕት፡ ኤርትራውያን ኣብ ምፍራስ ፌደረሽን ማዕረ ኢትዮጵያውያን ኢድ ከም ዝነበሮምን፡ ዝጥቀስ ተቓውሞ ኣንጻር እቲ ዝካየድ ዝነበረ መስርሕ ከም

ዘይነበረን ይዝርዝር። ርእሰ-ግሉጽ ፖለቲካዊ ኣጋውላ እቲ ጸሓፊ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዚ ደይመደያዊ ግድፈት (deliberate omission) እዩ ኢልካ ምሕላፉ ዝከኣል ኣኳ እንተ ኾነ፡ ብዙሓት ጸሓፍቲ ተመሰሳሊ ርእይቶ ከም ዘለዎም ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ሓቂ ኣንጻር እዚ ርድኢት'ዚ ምዃኑ ንምርኣይ ካብ ዝኸሪ ሰባት ታሪኻዊ ጭብጥታት ምእካብ ግድነት ነይሩ።

ኣብ'ዚ ዝምረኽ ዘሎ መጽሓፍ፡ ኣብ ዝኸሪ ሓያሎ ተሳተፍትን ተዓዘብትን ፖለቲካዊ ኾነታት ናይቲ እዋን ብዛዕባ ዝነበረ ተቓውሞ ህዝቢን ምድንፋዕ ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒትን ዝገልጽ ናይ ዓይኒ ምስክርነት፡ ብመንገዲ ቃለመጠይቓት ተኣኪቡ፡ ከም መርትዖ ነቲ ዝኸይድ ዝነበረ መስርሕ ምቕራቡ፡ ምስ'ቲ ጸሓፊ ብሰፊሕን ኣድማዕን መንገዲ ተጠቒምሎም ዘሎ ናይ ፖሊስ ስለያዊ ጸብጻባት፡ ምስጢራዊ መዘክራት ቆንሱላት ዝተፈላልያ ሃገራትን ዕለታዊ-መዝገብ ውልቀሰባትን ተደሚሩ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ኣብ ስእለ-ታሪኽ ናይቲ እዋን ዝነበረ ሃጓፍ ዝመልእ ዓብይ ኣበርክቶ ኾይኑ ንረኽቦ።

## ገለ ተወሰኽቲ ሓሳባት

እዘን ተኸታተልቲ ቕጽታት ንተራ ደቀንስትዮ 1940ታትን 1950ታትን ዘይምጥቃሰን፡ ሓሓሊፈን ከም ዝውቀሳን እዚ ጸገም'ዚ ድማ ንጸሓፊ ኸም ዘሰክፎን ኣብ መእተዊ ተገሊጹ ኣሎ። ጸሓፊ፡ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ ፖለቲካ ዳርጋ ኣይነበረን'ዋ፡ እቲ ኽፍተት ድማ ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይተሳታፍነት ደኣ'ምበር ኣብ ብኩራት ወይ ሸለልትነት ናይዚ ምርምር ነቲ ሕቶ ዘይምዃኑ ገሊጹ ኣሎ። “ምናልባት፡” ይብል ደራሲ፡ “ምናልባት ዘይዳህሰስናዮ ምንጭታት ከይህሉ ግን ካልኦት ተመራመርቲ ኣድህቦ ክገብርሉ ተስፋ ንገብር።” ብርግጽ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካ እንተ ነይሩ ኽምርመርን ክጸሓፈሉን ግዲ እዩ። እንተ ዘይተረኽበኸ፧ መፍትሒ ዝኸውን ንእሽቶ ሓሳብ ከህብ።

ብኩራት ደቀንስትዮ ኣብ ጽሑፋት ታሪኽ ግን ኣባና ጥራይ ዝተሓጽረ ሽግር ኣይኮነን። ግደ ሓቂ ታሪኽ ክሳብ መፋርቕ ናይ ዝሓለፈ ዘመን፡ ንተባዕታይ

ዘቅድም ኰይኑ ኢና እንረኽቦ። እዚ ብቐጥታ ምስቲ ህዝባዊ ህይወት ንዝበዝሐ ኽፋል ታሪኽ ዓለም ናይ ደቂ-ተባዕትዩ ርስቲ ኾይኑ ምስ ምጽንሑን ኣተኩሮ ታሪኻዊ ጽሑፋት ድማ ኣብዚ መዳይ'ዚ ጥራይ ተሓጺሩ ምስ ምትራፉን እዩ ዝተኣሳሰር። ንፖለቲካዊ ታሪኽና፡ ዝወጋ (Bias) ቀዳሞት ወለዶ ንምዕራይ ብርእሱ ኽንግምጥሎ ኣይከኣልን እዩ። ታሪኽ ደቀንስትዮ ምጽናዕ ኣብቲ ንኣግእዞን ማዕርነትን ዝግበር ቃልሲ ኣጠናኻሪ ተራ ስለ ዝጻወት ኣድላይ'ኳ እንተ ኾነ፡ ምስ ናይ ሎሚ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ምእንቲ ኽንገጥም ዘይነበረን ተራ ኽወሃበን ግን ኣይከኣልን። እዚ ምግባር ንታሪኽ ደቀንስትዮ ኢ-ታሪኻዊን ስነ-ሓሳባዊን ብምግባር ምብላሉ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ካብ ህዝባዊ ዓንኬል (public sphere) ውጽእ ኢልና፡ ኣብ ዘቤታዊ ዓንኬል (private sphere) ክንመራመርን ክንጽሕፍን እንተ ኽኢልና ሃናጺ፡ ኣነቓቓሕን ዕቱብን ታሪኽ ደቀንስትዮ ኽነዳሉ ኽም ንኽእል ርግጽ እዩ። ንማሕበራውን ቊጠባውን ታሪኽ ማእከል ዝገበሩ ምርምራት፡ ንታሪኽ ደቀንስትዮ ናይቲ እዋን፡ ንህይወት ናይ 1940ታትን 1950ታትን ስድራቤታት ኤርትራ ብምጽናዕ እዮም ክረኽቡዎ ዝኽእሉ። ተራን ጽልዋን ደቀንስትዮ ናይቲ እዋን ብቐንዱ ኣብ ስድራቤት ስለ ዝዓዘዘ።

ካልእ፡ ኣብ ድሕረ-ጽሑፍ ናይዚ መጽሓፍ'ዚ፡ ጸሓፊ ኣቐዲሙ ኽረኽቦ ዘይከኣለ ኣገዳሲ ሰነዳት ምርኩስ ገይሩ ኣብ ቀዳሞት ቅጽታት ንዝተላዕለ ኣርእስታት ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ሂቡ ኣሎ። ብፍላይ ካብቲ፡ “The deluge: A personal view of the end of Empire” ዝብል ዘይተሓትመ ጽሑፍ ኬነዲ ትሬቫስኪስ ዝተረኽበ ሓበሬታ ግና ተወሳኺ ኢልካ ጥራይ ክሕለፍ ዝከኣል ኣይመስልን። እዚ ጽሑፍ፡ ንኣግእዞ ትግረ፡ ኣብ ምምስራትን ዕብየትን ሰልፊ ኣል ራቢጣ ኣል ኢስላሚያን ብመንገዲ እቲ ሰልፊ'ዚ ድማ፡ ነቲ ናይ ናጽነት ወገን ዝሃቦ ደገፍ ብምብራህ፡ ኣብ መንጎ'ቲ ማሕበራዊ ምንቅስቓስን ሃገራዊ ቓልስን ዝነበረ ጥቡቕ ታሪኻዊ ምትእስሳር ብዘየሻሙ መንገዲ ኣረጋጊጹዎ ኣሎ። ምስ ምስኣን እኹል ሓበሬታ ክኸውን ይኽእል፡ ጸሓፊ ነዚ ምትእስሳር'ዚ ኣብ ኣይንፋላለ (2001) ብዙሕ ዝደፍኣሉ ኣይመስልን። ተወሳኺ ታሪኻውን ሕብረተሰባውን

ምርምር ምስ ዝካየደሉ፡ ኣብ መንጎ መግዛእቲ ዝደፍኦም ማሕበራዊ ለውጥታትን እቶም ለውጥታት ተመሊሶም ንጸረ-መግዛእታዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ምፍጣር ዘበርከቱዎ ግደን መርኣያ ዝኸውን ብዙሕ ትምህርቲ ዝቕሰሞ ዛንታ ኸረከቦ እዩ። ድሮ'ውን፡ ኤርትራዊ ተመራማሪ ፉኣድ መኪ ኣብቲ፡ "Subaltern agency and nationalist commitment: the dialectic of social and national emancipation in colonial Eritrea" ዘርእስቱ ምርምራዊ ዓንቀጹ፡ ነዚ ምትእስሳር'ዚ ብምድህሳስ፡ ሕጽረት ታሪኻዊ ምርምር ንናይ መጽናዕቱ ስፍሓት ከም ዝደረተ ገሊጹ ኣሎ። እዚ ናይ ትሬቫስኪስ ሰነድ ኣብዚ ዓውዲ ንዝሎ ናይ ምርምር ዕድል ኣጸቢቑ ዘስፍሕ ይመስለኒ።

ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ርእይቶይ ንሓደ መአረምታ ዘድልዮ ተክኒካዊ ጉድለት ዝርኢ እዩ። ኣብ ገለ ምዕራፋት ዝርከብ ገለ እግረ-ጽሑፍ ምስቲ ንዕኡ ዝምልከት ጥቕሲ ኣይገጥምን። እዚ ጸገም'ዚ፡ ኣብ ገለኡ ብሰንኪ ዝላ ዝተፈጥረ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ገለ ድማ ሓደ እግረ-ጽሑፍ ኣብ ካልእ ገጻት ንዘሎ ኻልእ እግረ-ጽሑፍ ዝገብሮ ስግረ-ወኸሳ (cross-reference) ጌጋ ቍጽሪ ገጽ ይህብ ምዃኑ እዩ። እዚ'ውን ብሰንኪ ነቲ መጽሓፍ ኣብ መወዳእታ ዝተገብረሉ ምስብሳብ ገጻት ዘስዓበ ይመስል። እዚ ኹይኑ'ቲ፡ እዚ መጽሓፍ ንኻልእ ምርምራት ከም ካልኣዊ ምንጪ (secondary source) ኣገዳሲ ተራ ስለ ዝህሉዎ፡ እዚ ኣብዚ መዳይ ዝተፈጥረ ተክኒካዊ ሃጓፍ ኣብ ካልኣይ ሕታም ክእረም እላቦ።

ኣብ መወዳእታ ንጸሓፊ ኣለምሰገድ ተስፋይ ነዚ ዕስራ ዓመታት ዝወሰደ ደርማስ ውጥን ብዓወት ኣብ መፈጸምታኡ ኸብጽሖ ብምብቅዑ ዮሃና እብሎ። ህይወት ኣለምሰገድ ብገድላዊ ተመኵሮ፡ ብልዑል ሞያዊ ብቕዓትን ዘየቛርጽ ምሁራዊ ፍረን ዝደመቐ እዩ። ንስለዚ ኣብ ሓደ ዕድመ ወድሰብ እንታይ ክሳለጥ ከም ዝኽእል ዘርኣየ ንዓይን መዛኖይን ዓብይ ኣብነት ዝኸውንን ድርኺት ዝፈጥርን ሃብታም ታሪኽ ህይወት ድማ የቐንየልና እብሎ። መጻእቲ ወለዶ ድማ ኣብ ምርምራቶምን ድርኺታቶምን ከም ዝዝክርዎ ኣይጠራጠርን።